


ብ ሃብቶም ዮውሃንስ

ኣብ "ሓባራዊ ፈስቲቫል" ፍራንክፈርት፡ ሃገረ ጀርመን፡ ዝቀረበ መደረ።

ፍራንክፈርት/ጀርመን፡ 07-09/08(ነሓሰ) ፡ 2009

---

ሰላምታ

---

ክቡራት ኣዳለውቲ "ሓባራዊ ፈስቲቫል"፡
ክቡራት መሪሕነትን ኣባላትን "ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ"፡
ክቡራት መሪሕነትን ኣባላትን "ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ"፡
ክቡራት ዕዱማት፡

ኣብዚ ኣብ ቅድሜኹም፡ ኣብ ቅድሚ ክቡራትን ዓበይትን፣ ኣብ ቅድሚ ጀጋኑ ገድሊ ኤርትራን፡ ደው ክብል ዘብቕዓኒ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ክብሪ ይኹኖ።

መእተዊ

ክቡራትን ክቡራንን፥

ትማል ኣብ ኣፍደገ ናይዚ ተኣኪብናዮ ዘሎና ኣዳራሽ ክምዝገብ ከለኹ፡ ጽቡቓት ዝተረከማ ናይ ሓድነት ካናቴራታት ነዒንተይ መሲጠንአን። እቲ ኣብኡ ተሰፍዩ፡ ተረኺሙ፡ ዝነበረ ናይ ሓድነት ጥቕሲ ይብል፡

" ሓድነትና ዋሕስ ሓርነታዊ ዓወትና እዩ።"




ምስ'ቲ 'ሎም መዓልቲ ክዛረበሉ ተቐሪበ ዘለኹ ኣርእስቲ ብትሕዝቶን መንፈስን ዳርጋ ሓደ ስለዝኾነ ደስ ኢሉኒ። እነሆ ከኣ ንመዘከርታ ነታ ማልያ ዓዲገያ።

ኩሉ ዘቕርቦ ናይ ውልቐይ ርእይቶ እዩ። ከምቲ ሓወይ ሳላሕ ኣቡራይ ኣወዲሙ ዝበሎ፡ ኣነ ካብቶም መስረቲ ናይ ስድሪን፡ ኣብዚ እዋን እዚ ከኣ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ስድሪ (Citizens for Democratic Rights in Eritrea = "ዜጋታት ንደሞክራስያዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ") እየ። ስድሪ ብምሁራንን ሞያውያንን ከምኡውን ብካልኦት፡ ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ-ሕጊ ክሰፍንን ደሞክራሲ ክዕንብብን፡ ባህጊ ዘለዎም፡ እሞ ንለውጢ ብሰላማዊ መገዲ ዝጋደሉ ኤርትራውያን፡ ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ ኣብ ከተማ ለንደን ሃገረ ዓባይ-ብሪጣንያ ተመስሪታ። ስድሪ ጽላል ናይ ዝተፈላለያ በርገሳውያን ማሕበራት ኣይኮነትን። ስድሪ እንኮ ማሕበር ኮይና፡ ኣባላታ ኣብ ሙሉእ ዓለም እርከቡ።

እዚ ዘቕርቦ ዘለኹ ኣርእስቲ ግን ናተይ ናይ ውልቀይ ድኣ እምበር ናይ ስድሪ ኣይኮነን።

ትምህርተይ "ኤለክትሮኒክስን ጋዜጠኝነትን" እዩ። ምስ ብርክት ዝበላ ናይ ሆላንድ ናይ ዜና ማዕኸናት፡ ዝተፈላለየ ሓላፍነት ተሰኪመ ካብ ዝሰርሕ ነዊሕ ኮይኑ። ጋዜጠኝነትን መሰል ወድ-ሰብን ክፍሊ ሕዋሳተይ እዩ እንተበልኩ ምግናን ኣይመስለንን።

ነዚ "ዓይነት ሓድነትና ዋሕስ ዓወትና" ዝብል ኣርእስትን ሓሳብን ተመርኲሰ፡ ሕጽር ዝበለ ንኽትዕ ክኸውን ዝኽእል መልእኽትን ለበዋን ከመሓላልፍ ኣፍቕዱለይ። እቲ ክብሎ ደልየ ዘለኹ ሓሳብ ኣብ መእተውን ኣብ ዓሰርተ ነጥብታትን ፈሊየዮ ኣለኹ። ብጽሑፍ ነዊሕ እዩ፡ ኣብዚ ግን ኣሕጽር ኣቢለ ከቅርቦ እየ። "ንኽትዕ ክኸውን ዝኽእል" ክብል ከለኹ ግን ኣይኣምኑሉን ማለት ኣይኮንን። ኩሉ ዝብሎን ዘቕርቦን እኣምነሉ እየ።

## ኣብ መንጎ ሞደሻን ወጸቓን

ኣብዚ እዋን እዚ ኤርትራን ህዝባን ኣበየናይ ጽንኩርን፡ ዘሰካሕካሕ ኩነታት ከም ዝርከቡ ብዙሕ መግለጺ ዘድልዮ ኣይመስለንን።

ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ከም ዝውቐር፡ ወይ ዝትባዕ ሓጺን፡ ኣብ መንጎ ክስትስከሞ ዘይትኽእል ሞደሻን፡ ተሪር ወጸቓን እያ እትርከብ። እንግሊዛውያን ንኸምዚ ዓይነት ጽንኩር ኩነታት ክገልጹ ከለው ይብሉ፡ "between The Hammer and The Anvil", እዞም ዘለኽዎም ሆላንዳውያን ከኣ ይብሉ፡ "Tussen Hammer en een Aambeeld" ብትግርኛ ኣብ መንጎ "ሞደሻን ወጸቓን" ይኸውን ማለት እዩ። እወ ብዘይ ምግናን ኤርትራ ኣብ መንጎ ሞደሻን ወጸቓን ወዲቓ ትርከብ። ካብዚ ዘላቶ ኹነታት ከኣ፡ እቶም ኣብ ስልጣን ዘለው ደቓ ኾኑ፣ እቶም ተቓወምቲ ሓይልታት ከናግፍዋ ኣይከኣሉን። መዓንጣኻ ዝበትኽ ኩነታት እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ህዝቢ ኤርትራ ብውሑዱ ብኽልተ ሸነኽ ይቕጥቀጥ ኣሎ።

በቲ ሓደ ወገን፡ በቲ ብዘይ ሕጊ ኣብ ርእሲ ህዝቢ ሸይሸይ ዝብል ዘሎ ስልጣን ክግረፍ ከሎ፣ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ፡ በቶም ለውጢ ከምጽኡ እዮም ኢሉ ተስፉ ዝገበረሎም፡ ተቓወምቲ ሓይልታት፣ ቑስሉ ክጉዳእን ቃንዝኡ ኣዝዩ ክብእስን ይርአ ኣሎ። ተቓወምቲ ክብል ከለኹ፡ ኩሎም ንግዝኣተ-ሕግን ደሞክራስን ኣብ ኤርትራ ክነግስ ዝቓለሱ ኤርትራውያን ማለተይ እየ። እዚኦም ውልቓውያን ክኾኑ ይኽእሉ ወይ ከኣ ኣብ ውሽጢ በርገሳውያን ኮነ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ተጠርኒፎም ዝቓለሱ ሃገራውያን ክኾኑ ይኽእሉ።

ኩላህና ንፍትሕን ደሞክራስን ንቓለስ፣ ኣብ ሓድነትን ልዑላውነትን ኤርትራ እንኣምን ተቓለስቲ፡ ስጋብ እዛ ዕለት እዚኣ፡ ንህዝብና ዝኸውን ዘላቒ

መፍትሒ ከነምጽእ ኣይከኣልናን። ብዙሕ ነገር ከነማኽኒ ንኽእል ንኸውን፣ ከምዝርድኣኒ ግን፡ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ድኻምና እዩ። እቲ ዝዓበየ ድኻምና ከኣ ሓድነት ምስኣን እዩ። ሓድነት ክንብል ከለና ግን እንታይ ዓይነት ሓድነት እዩ፧ እወ እንታይ ዓይነት ሓድነት እዩ ንኤርትራ ካብ ኣፍ ሞደሻን ወጸቓን ኣውጺኡ ናብ ናይ ተስፋ ጬራ ዘሰጋግራ፧ ሓድነትና፡ ዓይነት ዘለዎ ጥራሕ እንተኾይኑ እዩ ንህዝብና ካብቲ ምንጋጋ ወልቐ-መላኺ ከውጽኦ ዝኽእል።

እሞ እንታይ ዓይነት ሓድነት ድኣ እዩ ናብ ዓወት ከብጽሓና ዝኽእል፧ ወይ ከኣ፡ እንታይ ስለዝጎደለና ኢና ንዓሰርተታት ዓመታት ብዘይ እቲ ዝድለ ዓወት፣ ማለት ውልቐ-ምልኪ ምሒኻ፡ ግዝኣተ ሕግን፡ ደሞክራስን ምትካል፣ ኮለል ንብል ዘለና፧ ከምዝመስለኒ፡ እዚ ሕቶ እዚ ብቐንዕና ክምለስ ዘለዎ መሰረታዊ ሕቶ እዩ። ሓድነትና ነቲ ሳላ እግዚኣብሔር ኣምላኽን ፡ጀጋኑ ተጋደልትን ዝተረኽበ ልዑላውነት ሃገርና ኤርትራ፡ መሰረታዊ ሓርነት፡ ከልብሳ ንደሊ እንተኾይንና፤ ሓርነትና ዋሕስ ናይ ዓወትና ክኾነልና ንደሊ እንተኾይንና፥ ነዘን ዝስዕባ ነጥብታት ብልቢ ኣስተብሂልና ክንሰርሓለን ብትሕትና እላቦ።

ኩላህና ንፍትሕን ደሞክራስን ንቓለስ፣ ኣብ ሓድነትን ልዑላውነትን ኤርትራ እንኣምን ተቓለስቲ፡ ስጋብ እዛ ዕለት እዚኣ፡ ንህዝብና ዝኸውን ዘላቒ መፍትሒ ከነምጽእ ኣይከኣልናን።

## ሓድነት ናይ ራእይ/ሓሳብ

ኣብ ሕይወት፡ ኣብ ቃልሲ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓድነት ከም ዘሎ ብሩህ እዩ። ኩሉ ሓድነት ግን ናብ ዓወት የብጽሕ ማለት ኣይኮነን። ዘዐውት ሓድነት ኣብ ናይ ሓሳብ ወይ ከኣ ኣብ ናይ ራእይ ሓድነት ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ተኣኪብና ዘሎና ኤርትራውያን ስለዝኾና ኢና። ኣብዚ ተኣኪብና ዘሎና፡ ሳላ ገድሊ - ክቡር መስዋእቲ ኩሎም ተጋደልቲ ጀብሀን ሻዕብያን - ነጻ ዝኾነት ሃገረ-ኤርትራ ስለዘላትና እዩ። ኣብዚ ተኣኪብና ዘሎና፡ ኣብ ሃገርና ውልቐ-ምልኪ ሰቢሑ፡ ፍትሒ ተዓምጺጹ፡ ስለዘሎ እዩ። ኣብዚ ተኣኪብና ዘለና፡ ብሰላማዊ መገዲ ኣብ ሃገርና ንህዝቢ ዝምእዘዝ ደሞክራስያውን ፍትሓውን ስርዓት ክንተክል ስለዝደለና እዩ። ኤርታዊ መንነትና እዩ ኣብዚ ኣኪቡና ዘሎ። እዚ ናይ ሓሳብ ሓድነት ኣንተዘይህልወና ኣብዚ ኣይምተኣከብናን። ስለዚ ሓድነት ናይ ሓሳብ ንምዕዋት ቃልሲ ወሳኒ እዩ።

ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ዛጊት እቲ ዝድለ ለውጢ ከምጽኡ ዘይከኣሉ ጥሙር ሓሳብ ወይ ራእይ ብዛዕባ ኤርትራ ስለዘይብሎም እዩ። ጥሙር ሓሳብ ወይ ግሉጽ ራእይ ዝሓረሞ ማሕበር ወይ ውልቐ-ሰብ ምስ ካልእ ክሓብር ወይ ሓድነት ክገብር ጸገም እዩ። ስለዚ ቅድሚ ምስ ካልኦት ሓቢርካ ክትሰርሕ ምድላይን ምህንጣይን፡ መጀመሪያ ብሩህ ዝኾነ፡ ንሙጉትትን ዓወትን ዝጠቅም

ራእዩ ወይ ጥሙር ሓሳብ ከተማዕብል ኣሎካ። ኣንጻር ኢሰያስ ኣፍወርቒ ምዃን ወይ ኣንጻር ውልቕ-ምልክነት ምቕላስ እኹል ኣይኮነን። ፕሮግራምካ ወይ መምሪሕኻ ንሱ ጥራሕ እንተኾይኑ፡ እቲ መላኺ ስርዓት ምስ'ለገሰ፡ ጠምበርበር እዩ ዝኸውን። ንርእሴኻ ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ንፍትሕን ንደሞክራስን ዝካየድ ቃልሲ ዓንቃፊ ኢኻ እትኸውን።

ሓድነት ናይ ሓሳብ ወይ ናይ ራእይ ከነማዕብል እንተኾይንና፡ መጀመሪያ ንርእስና ክንምርምርን ክንፈልጥን ኣሎና። መን'የ ኣነ፡ ካበይ መጺአ፡ ናበይ'ከ እኸይድ ኣለኹ፧ ስለምንታይ እቓለስ ኣለኹ፧ እንታይ እዩ'ኸ እቲ ክበጽሖ ዝደሊ፧ ምስ መን ኮይነን መዓስን እየ እቲ ዝብጻሕ ክበጽሖ ዝደሊ ዘለኹ፧ እቲ ክበጽሖ ዝብል ዘለኹ'ሽ ፍቱንን ግብራውን ድዩ፧ ዋላ'ስ ኣብ ሰማይ ዘሎ: ደበና ኾይኑ እዩ ክነፍስ፧ ኣየናይ'ዩ እቲ ድኹም ሸነኸይ፧ ኣየናይ እዩ'ኸ እቲ ዓቕመይ፧ ነዚ ፍልልያት እዚን መበገስየይን መምየ እፈልጥ'ድየ፧ ዋላ'ስ ከም ኣብ ጸልማት ዝመላለስ፡ ብሕርቓንን፡ ብጽልእን እየ ዝድፋእ ዘለኹ፧ ጽልእን ቍጥዓን ዕንወት እምበር ዓወት ኣየስዕብን እዩ።

ናብ ዓወት ዘብጽሕ ሓድነት ካበይ ከምዝተበገሰን፡ ናበይ ክበጽሕ ከምዝደልን ኣብሪሁ ይፈልጥ እዩ። ናብቲ ዝደልዮ ዕላማ ዘብጽሖ ስልቲን (ስትራተጂን) ሓንጺጹ፡ ንዕኡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝድልዮ ዓቕሚ ሰብን ገንዘብን ንዋትን ይፈሊ። እዚ ገሩ ጥራሕ ኣይኮነን ዝብገስ። ነቲ ዝበሎን ዝተማባጽዮን ዝኸውን መዐቐኒ፡ መቖጻጸሪ እውን የንብር።

---

ለውጢ ብነብስና ንጀምር
መንየ ኣነ፧
ስለምንታይ እቃለስ ኣለኹ?'
እንታይ እዩ ራእየይ፧
እንታይ እዩ'ኸ እቲ ክበጽሖ ዝደሊ፧
ብቕርሕንትን ቅንእን ጽልእን ድየ ዝድፋእ ዋላስ ብፍቕሪ፧

---

ኣብዛ ጽሕፍቲ/መደረ'ዚኣ ብዝያዳ ኣብ ናይ ሓሳብን ራእይን ሓድነትን ከድህብ እየ። ዓይነታዊ ሓድነት ናይ ሓሳብን/ራእይን ንእትገብሮ ቃልሲ መሰረታዊ ስለዝኾነ።

## 1. ንገድሊ ኤርትራ ዘኽብር ሓድነት

ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ፣ ገድሊ ኤርትራ ካብቲ ዓንድን መለለዪን ታሪኽናን መንነትናን እዩ። ኤርትራ ሃገርና፡ ሃገር ተባሂላ ኣብ ዓለም ልኡላውነታ ኣኽቢራ ዘላ፡ ሳላ እቲ ክቡር ጽንዓትን፡ መስዋእትን ገድሊ ምዃኑ ዝኽሕድ፡ እሞ ከኣ ካብኡ ሓሊፉ ንገድሊ ዘናእስን ዘናሹን፡ ትርጉም ነጻነት ኣይተረድኦን፤ ቃልሱ ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ዝጎድእ እምበር ዝጠቕም ኣይኮነን። ምስ'ዚ ናይ ሓሳብ ኮነ ናይ ካልእ ሓድነት ንኽትስርት ገድሊ እዩ።

ጀብሃን ሻዕብያን ንዓይ ናይ ክብረት ሽም እምበር ናይ መርገም ገድሊ ኣይኮናን። እዚ ክብል ከለኹ፡ ጀብሃ ትኹን ሻዕብያ ጌጋ ኣይገበራን፡ ጌጋ ኣይነበረንን ማለት ኣይኮነን። ኣባላት ጀብሃ ኣብ ኒውዮርክን ኣብ ኣምስተርዳምን ካፕቺኖ ተጎዝጒዞም ኣይኮኑን ብዛዕባ ደሞክራሲ ክዛረቡ ዝውዕሉ ኔሮም። እወ ብዛዕባ ደሞክራስን ፍትሕን ይመያየጡን የጽንዑን ነሮም። ግን እቲ ዝበዝሐ እዋንሲ፡ ጥሜትን፡ ቑርን፡ ኣስሓይታን፡ ዋዕን እናተሓልቡ፣ ብዝተፈላለየ ዓይነት ሕማም እናተገርፉ፡ እዮም ንጸላኢ ክምክቱን፡ ካብ ጸላኢ ክሃድሙን ንእስነቶም ኣሕሊፎሞ። ከመዮ ወለድና ዝምስልዎ፡ "ኣብ ኩናት ዘይወዓለ 'ሃጥር"፤ ናይ ግድን እዩ ኣብ ከምዚ ኹነታት ጌጋ ክግበር። እቲ ዝሰርሕ እዩ ዝጋገ።

መን'ዩ ጌጋ ጌሩ? መዓስ እዩ እቲ ጌጋ ተፈጺሙ? ኣብ ከመይ ኩነታት? መን'ከ ብሓላፍነትን ሕግን ይሕተት? እዚ ሕቶታት እዚን ከምኡ ዝኣመሰለ ካልእን ከተልዕል ንቡር እዩ። ንካትዓሎምን ንዛረበሎምን። ነጻ ምሕሳብን፡ ምምርማርን፡ ምዝራብን ምጽሓፍን ክዕገት የብሉን። ይኹን እምበር ኣብ ግዝኣተ ሕግን ደሞክራስን ዘይሰፈኖ ሃዋህው፡ ብበለካ ለኸዓካ ንኹሉ ገድሊ ምኽሳስን፡ ምፍራድን ጎዳኢ እዩ። ነቲ ንገብሮ ዘሎና ናይ ፍትሒ ቃልሲ ከኣ ሃሳዪ እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ።

ገድሊ ኤርትራ ንኸንቱ ኣይኮነን። ነጻነትና ዝተጓናጸፍና፡ ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ፡ ሳላ ዕቱብነትን መስዋእትን ተጋደልትናን ህዝብናን እዩ።

ገድሊ ንበዓል ኢሰያስ ጥራሕ ኣይኮነን ወሊዱ። ገድሊ ንበዓል ወልደየሱስ ዓማርን፡ ንበዓል መስፍን ሓጎስን እውን ወሊዱ እዩ። ብዘይካ እቶም ብመስዋእቲ ካባና ዝተፈልዩ፡ ተጋደልቲ ካልኣት ብዙሓት ጀጋኑ እውን ኣብ መንጎና ኣለውን ኣለዋን። ነጻነት ኣምጺኦምሲ ነቲ ተመንዚዑ ዘሎ ሓርነት ንኽምጽኡ ፡ ከምቀደሞም ብዕቱብነት ይቓለሱ ኣለው። እቲ ንገድሊ ዘናእስ ምሁር ኣካል'ከ ኣበይ ኣሎ፤ ንእስነቶም ምእንቲ ነጻነት ኣብ ፌቖዶ በረኻ ሓሊፉ፣ እነሆ እርጋኖም ከኣ ምእንቲ ሓርነት ኣብ ስደት፡ ኣብ ቃልሲ፡ የሕልፍዎ ኣለው።

እንታይ ገዲሹና? ዝገበርናዮን ዝተቓለስናዮን ይኣኽለና ኢሎም፡ ኣብ ኤውሮጳ ኮነ ኣሜርካ ኣጣጢሖም ክነብሩ ምመረጹ። ከምኡ ዝገበሩ ኣለው። ምርጭኦም ስለዝኾነ። እዚኣቶም ግን ካብ ምቹእ ናብራ፡ ሓርፋፍን ውርደት ዘለዎ ናብራን መሪጾም፤ ምእንቲ ሓርነት።ነዚኣቶም መን ኣፍርይዎም? ገድሊ። ገድሊ ክሽብር ዘለዎ ዓንዲ ታሪኽ ኤርትራ እዩ። መለለዪናን መንነትናን እዩ።

እዛ መዓልቲ እዚኣ ብኣእምሮይን ስምዒተይን ናብ 1988 ትመልሰኒ ኣላ። ኣብቲ እዋን እቲ፡ ሕዝብና ኣብ ዘስካሕክሕ መግዛእቲ ደርጊ እዩ ነሩ። ተጋደልትና ብ 1978 ነቲ ሓራ ኣውጺኦሞ ዝነበሩ ከተማታት ኤርትራ ዛሕዚሖም ናብቲ ደጀናት ሳሕልን ባርካን ኣንሳሒቦምሉ ዝነበረ እዋን እዩ።

ህዝብና ተስፋ ቖሪጹ እዩ ዝነበረ። ተባዓት ተጋደልትና ግን ነቲ ተስፋ ቖሪጹ ዝነበረ ህዝብና መሊሶም ተስፋ ሂቦሞ። ነቲ ተኣኪቡ ፡ ብሕብረት ሶቭየት ተደጊፉ ዝነበረ ኣዝዩ ብዙሕን ሓያልን ሰራዊት ኢትዮጵያ ብዘደንቕ መገዲ ኣሸኒፎሞ። ብናተይ ገምጋም፡ ነጻነት ኤርትራ ኣብ 1988 እዩ ተረጋጊጹ። ኣብ'ታ ወርሒ እቲኣ፡ ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ቅድሚ 21 ዓመት እቲ መስርሕ ይካየድ ነሩ። ንዕኡ ዘተግበሩ ጀጋኑ ከኣ ኣብዚ ምሳና ኣለው።

## 2. ንጎዳኢን መልመሲን ፍልልይ ጀብሃን ሻዕብያን ዝሓከኸ ሓድነት

ዓይነታዊ ሓድነትና ነቲ ንመዋእል ብጀብሃን ሻዕብያን ኣምሲሉ ክፈላልየና ዝጸንሐ፡ ንቓልስና ዘልመሰ መርዚ ካብ ሱሩ ክምሕዎ ኣለዎ። እዚ ናይ ሓባራዊ ጽንብልን እቲ ኣብ ቕድሜና ተቐሪቡ ዘሎ ንድሕሪት ዘየብል ሓድነትን፡ ነቲ ፍልልያት ጀብሃን ሻዕብያን ዘስዓቦ ቑስሊ ዝፍውስ ይመስል።

እነሆ እቶም ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዘደንቕ ስርሓት ዝሰርሑ፡ ሕጂ እውን ዘደንቕ ተግባር ዝገብሩ ዘለው ይመስሉ። ኢሰያስ ኣፍወርቂ፡ ከካብ ቪድዮታቱን ስእልታቱን ስለዝሓኸኾም፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ከይቅበሩ ስለዝኣገደ፡ እዞም ጀጋኑ ኤርትራ ካብ ኣእምሮናን ልቦናን ተሓኺኾም ማለት ኣይኮነን። ነብስሄር ዶር. ጠሃ መሓመድ ኑር፣ ነብስሄር ስዩም ዑቕባምካኤል ሓረስታይ፡ ካልኦት ከምኦም ዝኣመሰሉ ሓርበኛታት ኣብ መቓብር ሓርበኛታት እዮም ሓመድ ክለብሱ ዝግብኦም ነሩ። መቓብር ሓርበኛታት ንኹሎም ንኤርትራ ዝተቓለሱን ኣብኡ ዝተሰውኡን እዩ ክኸውን ዝግብኦ። ኣብ'ዛ ሕጂ ዘላ ኤርትራ ግን፡ ንኣቶ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ባህ ዘየበለ ሓርበኛ ኤርትራዊ ኣብኡ ክቕበር ኣይፍቐድን። እዛ ሓድነትኩም፡ እዛ ሓድነትና፡ ነዚ ሕማም እዚ ምሕያ እተውጽእ ትመስል።

---

እወ፡ ንግፍዕን መግዛእትን መልስና ሓድነትና እዩ።

ዓይነታዊ ሓድነት ናይ ራእይ፣ ፍቱን ስልቲ፣ ናይ እእምሮ ምሕዳስ ዘስዕብ ስነስርዓት ከምኡውን ብግብሪ ዝመርሕ ቕንዕና

---

ናይ ሰልፍታት ምትእኽኻብ ዘይኮነስ፣ ኣብ መትከል ዝተሰረተ ጽኑዕ ራእይ ዘለዎ ሓድነት። ብዘይ ናይ ሓሳብ ሓድነት ኣይርከብን'ዩ ዓይነታዊ ዓወት። ሓድነት ወይ ጥርናፈ ናይ ራእይን፣ ፍቱን ስልትን(ስትራተጂ)፣ ስነስርዓትን(ዲስፕሊን)፡ ቅንዕናን(ኢንተግሪቲይ) ዘይብሉ ምትእኻኻብ ድሮ ከም ዝፈሸል ታሪኽ ባዕሉ ደጊሙ ደጋጊሙ ኣመስኪሩ እዩ። ዘሕዝን እዩ፡

ንኽትዛረበሉ፡ ምኽንያቱ ፍሽለት ኣሓዋትካ ፍሽለትካ ስለዝኾነ፡ ቐንዲ ጠንቂ ፍሽለት "ምሕዝነትን" "ኪዳንን" ናይ ሓሳብን ራእይን ሓድነት ስለዘይነበረ እዩ። ቀንዲ ጠንቂ ዘይምሕባር በርገሳውያን ማሕበራት እውን ካብኡ ኣይፍለን። ደምበ ተቓውሞ ስጋብ ብሓሳብን ራእይን ሓደ ኮይኑ፡ ኲሉ ዘለዎ ትሕዝቶ ንመሰረታዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ዘቕንዮ፣ ፍጹም ዓወት ኣይከምጽእን እዩ። ስለዚ መታን ብሓስብን ራእይን ሓደ ክንከውን መሰረታዊ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ክንገብር ኣሎና።

| | |
|---|---|
| UNITY OF VISION, | ጥሙር ራእይ ወይ ኣተሓሳስባ |
| SOUND STRATEGY, | ክወቕዕ ዝኽእል ስልቲ |
| INTEGRITY | ቕንዕና |
| DISCIPLINE | ርእሰኻ ምግዛእ |

ክቡራትን ክቡራንን፡

ከም”ታ ወርሒ ነሓሰ 1988 ኣብ ከባቢ ጎቦታት ደንደን፡ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ደወል ነጻነት ኤርትራ ዝደወለት፡ "ሓባራዊት ጽንብል" ፍራንክፈርት 2009 ከኣ ከምኣ ደወል “ሓርነትን ጽኑዕ ሓድነትን” ሕዝቢ ኤርትራ ትድውል ዘላ ኮይኑ ይስመዓኒ። ዋላ ዕሽል ይንበር እምበር፣ ኣእምሮይን ስምዒተይን ናብ በዓል ወከ-ዛግር ይገይሽ ኣሎ። ዓበይቲ ዓድን ወለድን፡ ብልቢ ንዕርቕን ሓድነትን ዝጽዕሩሉ ዝነበሩ እዋን እዩ። ታቦት ሒዞም፡ ንህይወቶምን ህይወት ስድርኦምን ኣብ ሓደጋ ኣእትዮም፡ ነቶም ንነጻነትን ሓርነትን ዝቃለሱ ዝነበሩ ደቖም ከተዓርቑዎም ህርዲግ ይብሉ ኔሮም። ብዙሓት ካብቶም ናብ ኣምላኾም ከይዶም ዘለው ዓበይትን ዝተሰውኡ ብጾትኩምን፡ ነዛ መዓልቲ እዚእ ክርእዩ ክንደይ ይምነዩ ኔሮም። ዋላ’ኳ ኣብዚ ምሳኹም ኣይሀልው፡ በዛ መዓልቲ እዚኣ ብዙሕ ይሕጎሱ ኣለው። ብኣኻትኩም’ከኣ ይሕበኑ። ስለዘይረሳዕኹሞም። ሕልሞም ኣብ ግብሪ ተውዕሉ ስለዘለኹም።

"ሓባራዊ ጽንብል" 2009 ነቲ ሰራም ፍልልያት ጆብሃን ሻዕብያን ሓኺኹ፡ ከጥፍኦ ዝተበገሰ ይመስል። ኣጥፊእዎ እዩ እንተበልኩ፡ ትምክሕቲ ኮይኑ ከይዕንቕፈኩም። ዋላ’ኳ እቲ ወግዓዊ ሓድነት ንድሕሪ ኣርባዕተ ወርሒ ይኹን፣ እዚ ሓድነት እዚ ነዊሕ ዝተሰርሓሉ፡ ድልዱል መሰረት ናይ ራእይን፡ ስልትን፡ ቅንዕናን ዝተነብረሉ ሓድነት እዩ ዝመስል ዘሎ። ስለዝኾነ ነቶም ኣብዚ ዘብጻሕኩምና ጆጋኑ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ብልቢ ከመስግነኩም ይፈቱ።

ነሓሰ 1988 መበገሲት ነጻነት ኤርትራ
ነሓሰ 2009 መበገሲት ዓይነታዊ ሓድነትን ሓርነትን ኤርትራ

**ብዙሓት ዝተሰውኡን ዝሓለፉን ኣለው፣ ከም ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ'ውን ብዙሓት ጀጋኑ ገድሊ ካብ ክልቲኡ ወገን ኣብዚ ኣለኹም። ንሓደ ክዝክርን ከኽብርን ግን ኣፍቕዱለይ፤ ንተጋዳላይ ስዩም ዕቑባሚካኤል ሓረስታይ። ብዘይ ናቱ ጻዕርን ቖራጽነትን፡ እዚ ተበጺሑ ዘሎ "ጩራ ተስፋን ሓርነትን" ኣይምተበጽሐን ነሩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ስዩም ናይ መጨረሽታ ዝተኻፈላ ጽንብል ኣብ 2005 እያ ነራ። ኣነ እውን ኣብዚ ምስኡ ኣብ መንጎኹም ነረ። ኣብቲ እዋን እቲ ዘቕረብክዎ ኣርእስቲ ፡ " ዘይተፈጸመ መብጽዓታት ሰውራ ኤርትራን ህዝቢ ዝጽበዮ ዘሎ ለውጥን" እዩ ነሩ። ስውእ ተጋዳላይ ስዩም ዘርኣዮ ምትዕጽጻፍን፡ ምዕቡል ኣተሓሳስባን፡ ነዚ ተበጺሑ ዘሎ ተስፋ ዝህብ ምዕብልናን ሓድነትን፡ ዱልድል መሰረት ኣንጺፉሉ እዩ።**

ሓድነትና ምስክር ዓወትና እዩ! ግን እንታይ ዓይነት ሓድነት?

## 2. ካልኣይ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት ኮነ ብዓሌት፣ ብኣውራጃ ኮነ ቀቢላ ዘይፈሊ ሓድነት ክኸውን ኣለዎ።

**ንበዓል "ዓሊ ሳሊም" -ናይ ብርዒ ሽም እዩ እብልዎ። ሓቑ ስለዘይትጭፍለቕ፡ ውዕሉ ሓዲሩ እቲ ሓቑ ናብ ብርሃን ክወጽእ እዩ። ስጋብ ሽዑ ግን ዓሊ ሳሊም ንበሎ። ንሱን ከምኡ ዝኣመሰሉን፡ እዚ ኣብ ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ቅልውላው ጠንቑ ሓደ ዓሌትን፡ ሓደ ሃይማኖትን እዩ፡ እናበሉ፣ ዳንኬራ ክወቕዑ ይውዕሉ ኣለው። ኣብ ኤርትራ ጨቛኒ ዓሌትን ተጨቛኒ ዓሌትን ኣሎ ይብሉና ኣለው። ኣብ ኤርትራስ ጨቛኒ ሃይማኖትን ተጨቛኒ ሃይማኖትን ኣሎ ይብሉና ኣለው። ካብ መዓስ ድኣ'ዩ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ክርስትያን ኮይኑ? ካብ መዓስ እዩ ኸ ዓብደላ ጃብር ከበሳዊ ክርስታያን ኮይኑ? "ክበልዕዎ ዝደልዩ ኣባጉምባሕሲ ሰስሓ እብልዎ።"**

**እዚ "ሓባራዊ ጽንብል" እዚ እውን፡ ናይ ክርስትያንን ናይ ከበሳን እዩ ኢሎሞ። ዘገርም እዩ። ከምዚ ዝብላ ፖለቲካውያን ሰልፍታትን፡ ከምዚ ዝብሉ ውልቓውያን ሰባትን ከምዘለዉ ብሩህ እዩ። ንገዛ ርእሶም ወኪሎም ይዛረቡ፣ ብሽም መታሕት፡ ከበሳ፡ እስላም፡ ክርስታይን ምዝራብ ግን እንተዝገድፍዎ መጥዓመሎም። ኤርትራውያን ምኻኖም ኣይንኽሕድን። ምስኦም ክንሓብርን ንፍትሒ ክንጽዕርን ድልዋት ኢና። ብዘይ ፍልልይ ናይ ሃይማኖትን ዓሌትን ኣውራጃን። ማዕጾና ንሓድነትን ሕብረትን ኩሉ ግዜ ክፉት ይኹን። ግን ወይ**

**ንሶም ኣታሓሳስቦኦም ክቕይሩ ኣለዎም ወይ ከኣ ንሕና። ምኽንያቱ ብዘይ ናይ ሓሳብ ሓድነት ብሓባር ኮይንካ ክትሰርሕ ዘበት እዩ። ንግዚኡ ግን መልሰይ ነበዓል ሽይኽ ሓምድ ቱርኪን፡ ንዓሊ ሳሊምን፡ እቲ ወናም ድምጻዊ ሙዚቐኛ፡ ነብስሄር ኣቶወብርሃን ሰጊድ እዩ. ..*(ሙዚቓ ናይ ኣቶወብርሃን ተዳልዩ፡ ኣብ ኣዳራሽ ይስማዕ...)***

ኣብዚኣ ብምጽቓጥ ነታ ሙዚቓ ክትሰምዕዋ ትኽእሉ፡

---

ኣስላማይ ክስታና....ይ ብዓል ቖላ-ደጋ....
ንምኽሪ ጸላኢ..... ኣይትሃቦ ዋጋ....
ኣይትሃቦ ዋጋ....ከይትኾን ዕዳጋ.......

---

**እወ ነቲ ብሽም ኣምላኽን ሃይማኖትን፡ ዓሌትን፡ ኣውራጃን ከማኻኒን ክሽቕጥን ዝደሊ መልስና ሓድነትና፡ እዩ። ዓይነት ዘለዎ ሓድነት። ጥርኑፍ ናይ ራእይን ሓሳብን ሓድነት። ዓይነት ዘለዎ ሓድነት እዩ መሰረታዊ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል.።**

## 3._ሓድነትና ኣብ ሃይማኖታዊ ምምሕዳር ወይ ዓሌታዊ ምክፍፋል ኤርትራን ህዝባን ዘይኮነስ፡_ኣብ ሓንቲ ብዓልማውነት (ሴኩላር) እትመሓደር ኤርትራ ክኸውን ኣለዎ።

---

**ሃይማኖት ናይ ውልቒ፡ ሃገር ከኣ ናይ ሓባር ስለዝኾነት፣ ኤርትራ ሃገርና ከኣ ናይ ብዙሓት ዓይነት ሃይማኖት ምእመናንን፣ ንዋላሓንቲ ሃይማኖት ዘይክተሉን፡ ፈጺሞም ዘይኣምኑን ሃገር ስለዝኾነት፡ እቲ ፍትሓዊ ምምሕዳር ዓልማውነት** (secularism) **እዩ ክኸውን ዘለዎ። ሓድነትና ኣብዚ ራእይ እዚ ዝተመስረተ ሓድነት ክኸውን ኣለዎ። ዓልማውነት ማለት ግን ኣንጻር ሃይማኖት ማለት ኣይኮነን። ገድሊ ኤርትራ፡ ተቓመቲ ሓይልታትን እዚ ዘሎ ስልጣንን፡ ከምኡውን ብዙሓት ምሁራን ኤርትራውያን፣ እዚ ዘይብሃል ንዕቐት ንሃይማኖትን ተኸተልቲ ሃይማኖትን ኣማዕቢሎም እዮም። ሃይማኖት ከም መሳርሒ ናይ ሃጸይነትን ሓድሽ መግዛእትን ስለዝተርአ፣ ተኸተልቲ ሃይማኖት ከኣ ከም ኣድሓርሓርቲን ተጻባእቲ ገድሊን ኮይኖም ስለዝተቐጽሩ፡ ኣንጻር ሃይማኖትን ሰዓብቲ ሃይማኖትን ብዙሕ ጎዳኢ ጎስጓሳት ተኻይዱ እዩ። እዚ ኣብ ሃገርና ንርእዮ ዘለና ሃደና ኣመንቲ መበቖሉ እዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ኣተሓሳስባ ገድልን ምሁራት ኣካልን እዩ።**

**እዚ ክእረም ዘለዎ ፍጻሜ እዩ። ይኹን እምበር፡ "እቲ ናይ ቄሳር ንቄሳር እቲ ናይ ኣምላኽ ከኣ ንኣምላኽ" ክኸውን ኣለዎ። ብኻልእ ኣዛራርባ፡ ዝተፈላለያ ሃይማኖትን ምእመናንን ስጋብ ደሞክራስያዊ ሕጊ ሃገር ዘኽበራ፡ መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ፍጹም ኢዱ ከእቱ የብሉን። መራሕቲ ሃይማኖትን**

ምእመናንን ግን ብዴሞክራስያዊ መገዲ ኣብ ፖለቲካን ምምሕዳር ሃገሮምን ርእይቶኦም ክህቡን፡ ዓገብ ክብሉን፡ ቅዋማዊ መሰሎም እዩ። ዓይነታዊ ሓድነትና ኣብዚ ራእይ እዚ ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ። ኣነ ዋላ መጽሓፍ ቅዱስ ይእመን፡ ንመጽሓፍ ቅዱስ ከም ዓንዲ-ሕጊ ተጠቒሙ ንሃገር፡ እሞ ኸኣ ከም ኤርትራ ዝኣመሰለት ሃገር፡ ከማሓድር ዝፍትን ፍጹም ኣይቅበሎን እየ።

## 4. ሓድነትና ኣብ ዘይጎንጻዊ ቃልሲ ንፍትሕን ደሞክራስን ይሰረት

ዓይነት ዘለዎ ሓድነት፡ ኣብ ዘተ፡ ኣብ ምድካል፡ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ዝተመስረተ እዩ። እዚ ባህሊ'ዚ ኣብ ሕብረተሰብና ምስዝድንፍዕ፡ እቲ ባህሊ ናይ ሴፍን፡ ዱላን፡ ብረትን ደም-ምፍሳስን ተማሒዩ፣ ሰላምን ፍቕርን ዝዓሰሎ፡ ንሕግን ፍቅርን ደሞክራስን ዝምእዘዝ ሕብረተሰብ ይጥጥዕ።

እዚ ናይ ሓባራዊ ፌስቲቫል እዚ፣ እዚ ሰልፊ ሕዝብን፡ ሰልፊ ደሞክራስን ኣጽኒዐን ሒዘንኦ ዘለዋ ናይ ሓድነት ጉዕዞ፡ ኣብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ንፍትሕን ደሞክራስን ዝተመርኮሰ ስለዝኾነ፡ ልበይ ኣዝዩ ባህ ይብሎ።

ነዚ ቅኑዕ ምርጫ እዚ ብዙሓት ሰባት ዝተፈላለየ ትርጉም የልብስዎ እዮም። እቲ ቀንዲ መምርሒና ክኸውን ዘለዎ ግን እቲ ኣተራጓጉማን፡ ኣጉል መጥቓዕትን ዘይኮነስ፣ እቲ ናይ ርሑቕ ራኢና እዩ። እንተድኣ "ፍትሕን ደሞክራስን ኣብ ዓመጽን ጎንጽን ኣይጥጥዕን እዩ ኢልና ብልቢ ንኣምን ኮይንና፣ ብዘይ ውዕል ሕድር፡ ንጎነጻዊ ቃልሲ ኣብ'ቲ ዓሚቑ ቀይሕ ባሕሪ ክንድርብዮ ኣሎና። እንተድኣ ብኣፍ ኣውጅካ ብሕጓሕጓ ኬድካ ብረት እትጥቀም ኮይንካ ግን፡ ኣብ ህዝቢ ተኣማንነት ትስእን እሞ፡ መሪሕነትካ ቅንዕና ዘይብሉ ኮይኑ ይፈሽል።

ዘይጎነጻዊ ወይ ከኣ ሰላማዊ ቃልሲ ማለት ኢድካ ኣሲርካ፡ ግዳይ ውልቀ መለኽቲ ኩን ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዓሚቁ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ብምጥቃም ውልቀ-መላኺነት ካብ ኤርትራ ክጽሓቑ ይኽእል እዩ። ነዚ ዝኸውን ናይ ጥርኑፍ ሓድነትን ሓሳብን ራእይን ግን ከድሊ እዩ። ነዚ ራእይ ኣብ ግብሪ ዘውዕል ስልትን ተዋፋይነትን ከኣ ከድሊ እዩ። ነዚ ኣብ ዕላምኡ ንምብጻሕ፡ ጥርናፈ ሓደ ዓይነት ራእይ ዘለዎም ደሞክራስያውያን ሓይልታትን፡ ተወፋይነት ምሁራንን ሞያውያንን፣ ሕብረት ሃይማኖታውያንን፡ ዘይኣመንትን፣ ዓበይትን ንኣሽቱን ከድሊ እዩ።

ነዚ ከይፈተንካ፣ ዓቕመኻ ከይመዘንካ፡ ዘሊልካ ብረታዊ ቃልሲ ምእዋጅ ግን ኣይግድን። እቶም ብብረታዊ ቃልሲ ዝብሉ፡ በቲ ንህዝቦም ዝወርዶ ዘሎ ስቓያት ተደፋፊኦም ምኻኖም ይርድኣኒ። እቲ ዘለዎም ሓልዮት ከኣ ዝነኣድ እዩ። ይኹን'ምበር እቲ ነምጽኦ ፈውሲ ካብቲ ሕማም ዝገደደ ከይከውን

ክንጥንቐቕ ኣሎና። ብኻልእ ኣዛራርባ፡ ነቲ ድጉል ሓዊ ማይ ድኣ እምበር ነዳዲ ከይነፍስሰሉ ምስትውዓልን ስምዒትካ ምቍጽጻርን ከድሊ እዩ። ውልቐ-መላኺ ስርዓት ምስጠፍኣ፡ ነቲ ብታህዋኽን ብስምዒትን ዘቓጸልናዮ እሳት ምጥፍኡ ከይንስእን።

ሕጂ ጎንጻዊ ቃልሲ ኣብ ኤርትራ ምእዋጅ፡ ሓድሽ ውግእን ደምን ኣብ መንጎ ክልተ ኣሕዋት ምትካል'ዩ ዝኸውን። ነተን ንብዓት ኣዒንተን ዘይደረዛ ወለዲ መሊሱ  ብሓድሽ ልቕሶ ክድብስ ዝደሊ እዩ፡ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ውግእ ሓድሕድ ዝውልዕ። እቲ ከምኡ ክገብር ዝደሊ፡ መጀመሪያ ዘይጎንጻዊ ቃልሲ ብዕቱብነት ተፈቲኑ ከምዝፈሸለ ከመስክር ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ነቲ ዝፍልጦ ብረታዊ ቃልሲ ከመይ ገሩ ከም ዝጅምሮ ዘይኮነስ   - ዝኾነ ሰብ ጠመንጃ ክትኮስ ይኽእል እዩ -  መዓስን ከመይ ገሩ ጠጠው ከምዘብሎ ብዘየማትእ መገዲ ከብርሃልና ኣለዎ። ዘየማትእ ውሕስና ክቕርበልና ኣለዎ።

እንታይ ዋሕስ'ከ ኣሎና፡ እቲ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት እንውልዖ ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣንጻር ሓድሕድና፡ ከም ዘይንጥቀመሉ፤ እንትድኣ ኣብ መንጎ ሰልፊ ኩናማን ሰልፊ ዓፋርን ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ፡ እቲ ፍልልዮም ብጎንጺ ድዮም ክፈትሕዎ ዋላስ ብዘተን፡ ዓቅልን ድከላን፤ በቲ እተማዕብሎ ባህሊ ኢኻ እትውሰን። ደሞክራሲን ፍትሕን ከኣ ኣብ ዓመጻዊን ጎነጻዊ ባህልን ኣይዕምብብን እዩ።

ኤርትራ እትርከቦ ክፍሊ-ዓለም ተባራዒ ክፍሊ-ዓለም እዩ እንተበልኩ፡ ካብ ሓቒ ኣይወጻኹን። እንተድኣ ዝተፈላለያ ኤርትራውያን ውድባት ናተን ወተሃደራውያን ሓይልታት ተኺለን፡ ውግእ ሓድሕድ ጀሚረን፡ እተን ዝተፈላለያ ጎረባብቲ ሃገራት ኤርትራ ኮነ ብማዕዶ ነቲ ከባቢ ዝቖጻጸራ ሓያላት ዓለም፡ ስቕ ኢለን ኣይክርእያን እየን። ብቐረባ ካብ ሶማል ካብ ሊባኖን ክንመሃር ንኽእል። ኣብ ዘተ ዝተሰረተ ሓድነትን ምርድዳእን፡ ዕቱብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲን እንተኣኣማዕቢልና ግን፡ ጓኖት ኣንጻር ኣሕዋትና ከዕጥቑና ዘሎዎም ዕድል ኣዝዩ ጸቢብ እዩ።

ብረታዊ ቃልሲ ቅድሚ ምጅማርካ፡ ዓቕምኻ መሚኻ ምፍላጥ ካብ ዘይወጽእ ጣዕሳን ምምብርካኽን እዩ ዝሕልወካ። ኣብ ግብሪ ዘይተውዕሎ ተስፋታት ምእዋጅ፡ ኣብ ቑስሊ ህዝቢ ኤርትራ ጨው ምድፍዳፍ እዩ። ታሪኽ ደጊሙ ደጋጊሙ ከምዘመስክሮ፡ እቲ ዝበዝሐ ብረታዊ ቃልሲ ፈሺሉ እዩ ዝተርፍ። ናይ ታሚል-ዒላም ኣንጻር ናይ ስሪላንካ መንግስቲ። ናይ ብያፍራ ኣንጻር መንግስቲ ናይጀርያ። ናይ ምዕራባዊ ሰሃራ (ሳህራዊ) ኣንጻር መንግስቲ ማሮኮ። ናይ ኩርዲስታን ኣንጻር ቱርኪ፣ ኣንጻር ኢራን፣ ኣንጻር ሶርያ። ካልኦት ተመሳሳሊ ኣብነታት ካብ ላቲን-ኣሜሪካ፣ ካብ ኣስያን ክጥቀሱ ይኽእሉ። እቶም ተዓዊቶም እንብሎም በጻብዕቲ ሓንቲ ኢድ ዘይቑጸሩ ጎነጻዊ ቃልስታት፡ ምስ መሰረታዊ ለውጢ ፖለቲካ ሓያላት ዓለም ዝተኣሳሰረ ዓወት ድኣ'ምበር፣ ካብ ውሽጣዊ ሓይሎም ጥራሕ፡ እቲ ዓወት ኣየምጽእዎን።

ብረታዊ ቃልሲ ምጅማር ብዙሕ ግዜ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ዓቢ ዓወት ምዃኑ፡ ብዙሓት ኣይንግንዘቦን ኢና። ነቲ ንፍትሕን ደሞክራስን ዝቓለስ ሓይሊ፡ ብፍላይ ኣብዚ ናይ ግብረ-ሽበራ ዘመን፡ ዓቢ ናይ ዲፕሎማስያዊ ፍሽለት እዩ። እቲ መላኺ ስርዓት ነቲ ሓሓሊፍካ ዝግበር መጥቓዕቲ ኣብ ገባር ኮነ ተራ ሰራዊት፡ "ርኣዩ፡ እዚኦም እዚ እዮም ዝገብሩ እናበለ" ነቲ ቀንዲ ሕቶ ናይ ፍትሕን ደሞክራስን ከድክሞ ይርእ። ወጻእተኛታት ዲፕሎማስያዊ ጸቕጢ ክገብሩ ምስዝፍትኑ እቲ መላኺ ስርዓት፡ ስእሊ እንተኣድለየ'ውን ፊድዮ ብምቕራብ፡ "ነዚኦም ድየ ፍትሒ ክገብር፤ ምስ'ዚኦም ድየ ክዛረብ፤ እንትደለኹ'ውን ህዝቢ ኣየፍቅደለይን። ምስ ዝቐትሉና ዲኻ ክትዛረብ ክብለኒ እዩ" እናበለ ፕሮፓጋንድኡ ንምንዛሕ እዩ ዝጠቕሞ።

ብተወሳኺ፡ ብብረታዊ ቃልሲ ኣብ ስልጣን ዝመጽእ፣ ምልካዊ ስርዓት ድኣ'ዩ ክተክል ዝኽእል'ምበር ደሞክራስያውን ፍትሓዉን ምምሕዳር ክተክል፡ ብፍጥረቱ ፍጹም ኣይክእልን እዩ። ካበይ ዘምጽኦ ባህሊ፤

ገሊኦም ኣሕዋትና ከኣ፡ "ሓቕኻ ውግእ-ሓድሕድ ክንእውጅ የብልናን፣ ግና ነቶም ኣብ ሓላፍነት ዘለው፡ እሞ ንህዝብና ደም ዘንብዕዎ ዘለው ሓለፍቲ በብሓደ ምቕንጻል ክንቕበሎ ኣሎና።" ይብሉ። መልሰይ ነዚኦም፥ መን'ዩ ኣስማት እቶም ዝቕንጸሉ ክሰርዓልና፤ መን ብዝሃቦ ስልጣን፤ ኣበየናይ ቤት-ፍርዲ ምስቐረቡ እዮም'ከ እቶም ውሱናት ሓለፍቲ ዝቕንጸሉ፤ እቲ ምቕንጻል ክንቕበሎ እንተኾይና'ሽ በየናይ ሕጊ፤ እታ ኣብ ዓወተ ዘላ "እቶም ክሱሳት" እትብል፡ ኣስማት ዝተፈላለዩ ሰበስልጣናት ኤርትራ ዝሓዘት ኩላትኩም ትፈልጥዋ ኢኹም። ኣብኣ ኣቶ ዓሊ ዓብዱ የለን። ህዝቢ ንሓለፍቲ ዓዋተ ክሓሚ ጀሚሩ። "ሓዎምን ዘመዱምን ስለዝኾነ ካብቲ ዝርዝር ኣልጊሶሞ" እናበለ ወረ ክነዝሕ ጀሚሩ። ስለምንታይ ዓሊ ዓብዱ ኣብቲ ዝርዝር የለን፡ እቶም ነቲ ዝርዝር ዘዳለው እዮም ዝፈልጥዎ። እቲ ቐንዲ ነገር ግን፡ መን'ዩ እቲ ዝርዝር ኣስማት ዘቕረቦ፤ በየናይ ሓላፍነት፤ በየናይ ሕጊ፤ መን'ዩ ኣብቲ ዝርዝር ክኣቱ፤ መን'ከ ክተርፍ፤ መትረፊኡ ምኽንያት'ከ፤ እቶም ነዚ ሓሳብ እዚ ዝድግፉ፡ ስርሖም ኣቓድም ኣቢሎም ጀሚሮሞ ኔሮም እንተዝኾኑ፡ እዞም ኩሎም ናብ ደምበ ተቓወምቲ ተሳጊሮም ዘለው ኣሕዋትናን ኣሓትናን ድሮ ተቐንጺሎም ምህለው። ከምኒ ሃሚድ ድራር፥ ከምኒ መስፍን ሓጎስ። እዚ ኸኣ ነቲ መላኺ ስርዓት እዩ ዝጠቕም እምበር ነቲ ንፍትሒን ደሞክራስን ዝግበር ቃልሲ ኣይኮነን።

ብረታዊ ቃልሲ እንተተወሊዑ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት መፍደዩ-ሕነ ከምዝገብርዎ ክንዝንግዕ የብልናን። ገሊኦም ውልቓዊ ቕርሕንቶም ከርውዩሉ ከለው፣ ካልኦት ከኣ ንዝጸንሐ ሕነ ናይ ስድርኦምን ቤተሰቦምን ይፈድይሉ እዮም። እዚ ኣብ ቃልሲ ኤርትራ ተራእዩ እዩ። ኣብ ውሽጢ ፍልስጤም ተራእዩን ይርአ ኣሎን። ኣብ ካልእ ቦታት እውን ዝርአ ሓደገኛ ሳዕቤን ብረታዊ ቃልሲ እዩ።

ዝርዝር ኣስማት ጌርካ ናብ ምቕንጻል ምሕላፍ፣ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እዩ። ፍትሐውን ደሞክራስያውን መንግስቲ ብዘይጎንጻዊ መገዲ፡ ብነብስኻ ምግዛእ፡ ብነዊሕ ቃልሲ፡ ብሓድነት ናይ ሓሳብ፡ ብዕቱብ ስልቲን፡ ብተዋፋይነትን፡ ድኣ እዩ ዝትከል እምበር፣ ብኣፍ ሻምብቖ ብረት ኣይኮነን።

እዚ ሓባራዊ ፈስቲቫል እዚ ብምርድዳእን ዘተን፡ ብተጻዋዋርነትን ምትእምማንን፡ ብኣንነትካ ምውሓጥን፡ ድኣ እዩ መጺኡ እምበር ብብረት ኣይኮነን።

ንሕና ብሓድነትን ብሰላምን ኣብ ኤርትራ ዓይነታዊ ለውጢ ከነምጽእ ኢና ኢልና ክንኣምንን ክንዕጠቕን ክንሰርሕን ኣሎና። ብሰላማዊ መገዲ ከይተፈተነ፡ ናብ ብረታዊ ግጭት ምዝላል፡ ናይ ዓቕሊ ጽበት ምልክት እዩ። ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ማለት ግን፡ ዓይንኻ ዓሚትካ፡ ኢድካ ኣልሚስካ፡ ብሹርምይካ፡ ኣብ ጎሮሮ እቲ ዝሃድነካ ዘሎ ሓይሊ እቶ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ሓድነትን ፍልጠትን፡ ስትራተጂን ዝተሰረተ ዘይጎንጻዊ ቃልሲ፡ ጥቕሙን ውጽኢቱን ልዕሊ ብረታዊ ቃልሲ እዩ።

## 5. ዓይነታዊ ሓድነት ኣብ ሕነ ዘይኮነስ ኣብ ፍትሒ እዩ ዝሰረት

ንፍትሕን ደሞክራስን ዝግበር ሓድነትን ቃልስን ዝዕወት፡ ርእሰኻ ገዚእኻ ፍትሒ ምስ እተንግስ ጥራሕ እዩ። እዚ ፍትሒ እዚ ነቶም ምሳኻ ጥራሕ ዝሰማምዑ እንተኾይኑ፡ ፍትሒ ኣይኮነን። ብሽምኡ ጌርካ ከኣ ዱልዱል መሰረት ዘለዎ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ስርዓት ክትተክል ኣይክኣልን።

እቶም ንፍትሕን ንደሞክራስን ኢና እንቃለስ ንብል፡ ብግብሪ ነቲ እንደልዮ ለውጢ ከነርኢ ኣሎና። እቲ ንገዛእ ርእስና እንደልዮ ፍትሕን ደሞክራስን ነቶም ናይ ሎሚ ጸላእትና፡ ናይ ትማልን ጽባሕን ግን ኣሕዋትና እውን ክንልግሰሎም ኣሎና። እዚምንታይ፧ መታን ርጉኡን፡ ሕነ-ምፍዳይ ዘይነገሶን ድልዱል፡ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ሕብረተሰብ ክንተክል። ንርእሴና፡ ንደቕናን ደቂደቕናን።

ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ግፍዒ ክንከታተሎን ክንምዝግቦን ኣሎና። ጽባሕ ንግሆ ንሕጊ መታን ክጠቕመና። እዚ ግን ብዕቱብነትን ጥንቓቕን ይኹን። ሓደ ካብ ኤርትራ ስለዝሃደመ፡ ኣንጻር እቲ መንግስቲ ይዛረብ ስለዘሎ፡ ሓቂ ይዛረብ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። በየን ተረኺበ ኢልካ ሓሶትን ወዲ-ሓሶትን መዛጊብካ ብምዝርጋሕ፡ ነቲ ቃልስኻ ድኣ ኢኻ እትሃስዮ ዘለኻ'ምበር ነቲ መላኺ ስርዓት ዋላ ኣይትትንክፎን ኢኻ።

ኣብ ፍትሕን ደሞክራስን ዝሰፈነን ሃገራት፡ ሓደ ሰብ ስጋብ ኣብ ነጻ ቤትፍርዲ ቀሪቡ፡ ክሱ ሰሚዑ፡ ነገሩ ኣፍሲሱ ዝፍረድ፡ ነጻ እዩ። እዚ መሰረታዊ ምርሆ መቃለሲና ክኸውን ኣለዎ።

## 6. ዓይነታዊ ሓድነትና ክዕወት ብፍላይ መሪሕነትና ቕንዕና (INTEGRITY) ክለብስ ኣለዎ።

ሓደ ጭርሖ ናይዚ ሓባራዊ ፌስቲቫል ከምዚ ይብል፡ "ለውጢ ብነብስና ይጀመር"። ዓባይ ጭርሖ እያ። መሰረት ናይ ቅንዕና ወይ "ኢንተግሪቲ" ከኣ እያ። ዝኾነ ዓይነት ሓድነት፡ ሃገር፡ ሕዝቢ፡ ቕንዕና ዘይብሉ፡ ነብሱ ዘይቖጻጸር መሪሕነት እንተድኣ'ለዎ፡ ከይጀመረ ከምዝወድቕ ርጉጽ እዩ።

ቕንዕና ዘለዎ ዓይነታዊ ሓድነትን መሪሕነትን መለለዪኡ እዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል፡

1. እቲ ዝብሎ ዝገብር፡

2. ቖራጽ፡ ንገዛእ ርእሱ ዝፈልጥ፡ ድኽመቱን ዓቕሙን ዝርዳእ። ኩሉ ግዜ ነብሱ ዝምርመር፡

3. ቕኑዕ፡ ሓቐኛን ግሉጽን። ኣብ ገዛን ወጻእን ሓደ። ኣብ ዝኣምነሉ ጠጠው ዝብል፣ ፍልጠት ሰብ ዘለዎ። እንተ ተጋግዩ፡ ተጋግየ ኢሉ ይቕሬታ ዝሓትት፡

4. ስልጣኑን ሓድነቱን ንኻልኦት ከድክምን ንርእሱ ክግልገለሉን ዘይኮነስ፡ ንኻልኦት ክገልግለሉን ክደልድለሉን ዝርኢ፡

5. ኣእምሮ ዘለዎ ለባም፡

6. ፍልጠት ለይትን መዓልትን ዝድልብ፡

7. ብዛዕባ ሕማቕን ጽቡቕን ግሉጽ ኣረዳድኣ ዘለዎ፡ እሞ ንዕኡ ብዘይ ምውጋይ ኣብ ግብሪ ዘውዕሎ፡

8. ብዛዕባ ዝብሎን፡ ዝገብሮን ኩሉ ብሓላፍነት ዝሕተት፡

9. ብፍትሕን ደሞክራስን ዝመላለስ። ዋላ'ኳ ዝነድኦ እንተኾነ፡ ንሕግን ደሞክራስያዊ መምርሕን ዝምእዘዝ።

10. ይቕረ በሃላይ፡ ይቕረ ተቀባላይ። ብፍቕሪ እምበር ብቕርንሕንቲ ዘይመላለስ።

እዚን ወዲ ከምዝን ዝገብር ሓድነት፡ እዚን ወዲ ከምዚን ዝገብር መሪሕነት፡ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ዕውት ናይ ሓድነት መገዲ ኣብ ዓወት ከብጽሖ እዩ። ንርእሱ ክፍውስ እዩ። ንሕብረተሰቡ ክፍውስ እዩ።

## 7. ዓይነታዊ ሓድነት ብምጥርናፍ መንእሰይ እዩ ዝዕወት

እዞም ዘለኹዎም ሆላንድ ክምስሉ ከለው ይብሉ፡ "wie de jeugd heeft, heeft de toekomst"። "መንእሰይ ዝሓዘስ መጻኢ ግዜ ሓዘ"። ንመንእሰያት ብዘይ ቀልዓለም ዘየካፍል ዓይነታዊ ሓድነት ክዕወት ኣይክልን እዩ። መንእሰያት ክብል ከለኹ፡ ካብ ክልቲኡ ጾታ እዩ፣ ኣዋልድን ኣወዳትን።

ኣብዚ ኣኼባ እዚ ካብ ቅድሚ ሕጂ ኣዝዮም ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ብምርኣየይ ኣዝዩ ደስ ኢሉኒ። ከምኡ ዝምስጥ መደረ ካብ ደቀ'ንስትዮ ኣሕዋተይ ስለዝሰማዕኹ ባህ ኢሉኒ። እዚ ግን ንኩሕለ-ምሕሊ ክኸውን የብሉን። መንእሰያትናን ደቀንስትዮናን ብሓቂ ብቑዓት ተኻፈልቲ መጻኢ ኤርትራ ክኾኑ ኣለዎም። ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ፡ ዓሌት ኮነ ሃይማኖት ኣብ መሪሕነት ሃገርና ዓቢ እጃም ክረኽቡ ኣለዎም። ደሞክራስያዊ መሰሎም እዩ። ይግብኦም እዩ። ሓላፍነቶም'ውን እዩ። እዚ ኹሉ ግን ኣብ ዓይነትን ብቕዓትን ዝተመርኮሰ ይኹን።

ይኹን'ምበር ብርክት ዝበሉ መንእሰያትና ዛጊት ኣብ ንፍትሕን ደሞክራስን ዝግበር ቃልሲ ዘይካፈሉ ዘለው፡ ጠንቀኡ፡ እቲ ዝጸንሐ፡ ንበሎ "ዝኣረገ መሪሕነት ጀብሃን ሻዕብያን" ጥራሕ ኣይኮነን። ድኽመት መንእሰያትና ባዕሉ፡ እቲ ቐንዲ ጠንቂ እዩ።

ሓደ ካብ ኩላህና ዘይሕባእ ሓቒ ኣሎ። እቲ ናይ ኣስመራ ስልጣን ጨኩኑና ኢሎም፡ ጎቦን ስንጭሮን፡ ሩባታትን ሰሓራን ሰንጢቖም ዓዲ ሰላምን ደሞክራስን ኣትዮም ከብቕዑ፣ ውዕል ሕድር ከይበሉ፡ ናብ ኤምባሲታት ኤርትራ እናኸዱ "ተጋጊና" ዝብል ወረቐት መሊኦም፡ እቲ ስልጣን ዝሓተቶም ገንዘብ ክኸፍሉ ይርኣዩ ኣለው። ኩሎም ኣይኮኑን ከምኡ ዝገብሩ። እቲ መንግስቲ ካብቶም ከድዓት ኢሉ ዝኸሶም ገንዘብ ይቕበል፡ ንሳቶም ከኣ ነቲ ነሕዋቶምን ንስድርኦምን ዝጭኩን ስርዓት ኣብ ክንዲ ዓገብ ዝበሉ፡ ናብ ቤትጽሕፈቱ ከይዶም ገንዘብ ይኸፍልዎ፣ ናብ በዓላቱ እናኸዱ ከኣ ክስዕስዑ ይሓድሩ ኣለው።

ከምዚ እናገበርካ፡ ንተቓወምቲ ሓይልታት ፡ "ክላ ንሳቶም'ውን ካብኦም ኣይሕሹን እዮም" እናበልካ ምብጫው፡ ካብ ሓላፍነትካ ምህዳም ጥራሕ እዩ።

እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ተስፋ ጨራን ሰላማዊ ዝኾነ ጉዕዞ ሓድነት፡ ፍትሕን ደሞክራስን ንኹሉ ኤርትራዊ ስለዝኾነ፡ መንእሰይ ብሓፈሻ፡ ደቐንስትዮና ከኣ ብፍላይ መጺኤን እጃመን ከበርክታ ሕድሪ ይብል።

እዚ ናይዚ ዓይነታዊ ሓድነት መሪሕነት ይኹን እተን ዝሓብራ ዘለዋ ሰልፍታት፡ ንመንእሰያትና ዝእክብን፡ ንኤርትራውያን ስድራቤት ዘደልድልን ስልቲ ምሂዘን፡ ክብረት ህዝብና ክመልሳ እላቦ። ኣብ ዝከድካዮ ዓድን፡ ዝኣተኻዮ ምድረቤትን፡ ወለዲ ከዕረምርሙ እዮም ዝስምዑ። "ኣረ እንታይ ኢና ንገብሮ፧ ደቕና ጠፊኦም። ባህሎም ኣይፈልጡ ቛንቛኦም። ታሪኽ

ገድሊን ዛንታ ወለድናን እሞ ረስዓዮ። ፍጹም ኣይፈልጡዎን እዮም።" ተቓወምቲ ሓይልታት ኮኑ፡ እቲ ህዝቢ ንሃገሩ ከይምለስ ከልኪሉ ዘሎ ስልጣን እውን ከይተረፈ፡ ብዛዕባ መንእሰያት ከዕረምርሙ እዮም ዝስምዑ። መታን ታሪኽ ገድሊ፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ከይርሳዕ፡ መታን እቲ ዝግበር ዘሎ ሓድነታዊ ቃልሲ ንፍትሕን ደሞክራስን ቀጻልነት ክረክብ፡ ኤርትራዊት ስድራቤት ክትድልድል፡ መንእሰያትና ተቐበልቲ ሕድሪ ነጻነትን ሓርነትን ክኾኑ ኣለዎም። ብዘይ ውዕል-ሕደር ነዚ ዘዐውት ስልትን ኣስጓስን ክካየድ ኣለዎ።

## 8. ዓይነታዊ ሓድነት ፖለቲካውያን ውድባት ብዘይ በርገሳውያን ማሓበራት ኣይዕወትን

ዓይነታዊ ሓድነት ሰልፌ ደሞክራስን ሰልፌ ሕዝብን ዝነኣድ እዩ። እዚ ጉዕዞ እዚ ተዓዊቱ ኣብ ኤርትራ ንኹሉ ዝጥርንፍ ፍትሓውን ደሞክራስያውን መንግስቲ ክተክል እንተኾይኑ፡ ምስ ተመሳሳሊ ሓሳብን ራእይን ዘለወን በርጌሳውያን ማሕበራት፡ ከም ኢድን-ጓንትን ኮይኑ ክሰርሕ ኣለዎ።

ዝኾነ ፖለቲካዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ብፖለቲካውያን ሓይሊ እዩ ዝመጽእ። ግን ብዘይካ ሓላፍነቱ ዝርዳእ፡ ንኹሉ ሕዝቢ ኤርትራ ዘካፍል፡ ድልዱል ማሕበረ-ሰብ፡ በርጌሳዊ ማሕበር፡ ፍትሕን ደሞክራስን ኣብ ኤርትራ ከምዘይትከል፡ ክንፈልጥ የድሊ። ብዘይ ነጻ ዝኾና በርገሳውያን ማሕበራት እዞም ሎሚ ንፍትሕን ደሞክራስን ዝቃለሱ ዘለው፣ ጽባሕ ውልቐ መለኽቲ ክኾኑ ዘሎ ዕድል ኣዝዩ ዓቢ እዩ። በርገሳውያን ማሕበራት፡ ሓላፍነተን ፈሊጠን፡ ንፖለቲካውያን ውድባት ኣብ ክንዲ ዕንቕፋት ዝኾና፡ ኣብቲ ንእዱ ዘድልዮ፡ ንእዱ፣ ኣብቲ ወቐሳ ዘድልዮ ከኣ ተግሳጽ፡ ኣብቲ ሓገዝ ዘድልዮ ከኣ ደገፍ እናሃባ ሓለውቲ ፍትሕን ደሞክራስን ክኾና ኣለወን።

እዘን ፖለቲካውያን ሓይልታት እነሆ ተስፋ ጨራ ዝኾነ ሓድነት ይገብራ። በርጌሳውያን ማሕበራት፡ ኣንተድኣ ብሓሳብን ራእይን ዝሰማማዓ ኮይነን፡ ካብ ምሕባር ዝኸልክለን ዘሎ ኣይመስለንን። ማሕበር ሓኻይም ኤርትራ፣ ማሕበር ጋዜጠኛታት ኤርትራ፣ ማሕበር ደቐንስትዮ፣ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራ ዝብሃላ በርጌሳውያን ማሕበራት ክህልዋን ክጥጥዓን ናይ ግድን እዩ። እዘን እንዛረበለን ዘለና በርጌሳውያን ማሕበራት ግን፡ ንሓንቲ ዕላማ እየን ተሲአን፡ "ንፍትሕን ደሞክራስን ኣብ ኤርትራ"። ኩለን ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣፍሪቓ፡ ኣሜርካ ኮነ ኣውስትራልያ ዝርከባ በርገሳውያን ማሕበራት እታ እንኮ ዕላምአን፡ ፍትሕን ደሞክራስን እያ። እዚ እንተኾይኑ፡ ዘይሓብራሉን፡ ሓይለን ኣብ ሓደ ዘየደልድላሉን ምኽንያት ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን።  በርገሳውያን ማሕበራት፡ ዕላምአንን ስርሐንን ከነጽራ ኣለወን። ከምቲ ካብ ፖለቲካውያን ሓይልታት ዝጠልብኦ፡ ባዕለን እውን ንሓድነትን ንዓይነታዊ ለውጥን ክጽዕራ ኣለወን።

ብዙሓት ፖለቲካውያን ሰልፍታት ምምጻእ በርገሳውያን ማሕበራት ባህ ኣየበለንን። "ኣባላት ክወስዳልና እየን"፣ "ዘየድሊ ዕንቅፋት ክኾናና እየን" ብምባል፡ ገሊአን ፖለቲካውያን ሓይልታት ንገሊአን በርገሳውያን ማሕበራት ከናእሳን ከጸልማን ተራእየን እየን። እዚ ነቲ ንፍትሕን ደሞክራስን እንገብሮ ቃልሲ ጎዳኢ እዩ። ገሊአን በርገሳውያን ማሕበራት እውን ተልእኾን ረሲዔን ተካፊልቲ ሓሸውየ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ክኾና ተራእየን እየን።

እዚ ኹሉ ኣሉታዊ ነገራት ኣሊና፡ ብራእይን ሓሳብን ሓቢርና፡ ኣብ ኤርትራ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ዝኮነ መንግስቲ ንምትካል ንቕዳደም።

## 9. ሓድነታዊ ቃልሲ ንፍትሕን ደሞክራስን ብዘይ ዓይነታዊ ናይ ዜና ማዕኸን ኣይዕወትን እዩ

ከመዮ ዝብልዎ "ኣቦይ ብኢዱስ ባዕሎም ይንኣዱ"፡ መንግስቲ ኤርትራ ባዕሉ "ኣገልጋሊ ሓቑ" እየ እናበለ፡ ነተን ንህዝቢ ከገልግላ ዝግብአን ናይ ዜና-ማዕኸናት፡ ናይ ፕሮፖጋንዳ መጠጆኢ ጌርወን ይርከብ። ህዝብና መንግስቲ ህግደፍ ክሰምዕ ዝደልዮ ጥራሕ እዩ ዝሰምዕ። እቲ ህዝቢ ከኣ ነዚ ርእዩ፡ እቲ መንግስቲ ክሰምዖ ዝደሊ ጥራሕ እዩ ዝዛረብ። እቲ ህዝቢ ተገዲዱ፡ ክልተ መልሓስ ከምዘብቕል እዩ ኾይኑ። ሓንቲ ኣብ ውሽጢ ድርኹኺቱ፡ ምስቶም ኣዝዩ ዝኣምኖምን ምስ ኣምላኹን ዝዛረበላ መልሓስ። እዚኣ እታ ሓቐኛ ምስኡ ዝተፈጥረት መልሓስ እያ። በዚኣ ገሩ ናይ ሓቑ ስሚዕቱን ሓሳቡን እዩ ዝገልጽ። እታ ጭቕና ኣብቍልዋ ዘሎ መልሓስ ከኣ፡ እቲ ህዝቢ ንደገ ዝጥቀመላ መልሓስ ኮይና፡ እቲ መንግስቲ ክሰምዖ ዝደሊ ነገራት ጥራሕ እያ እትዛረብ። ብውሽጣ እናበኸየት ብደገ ትስሕቕ። ፍትሕን ደሞክራስን ምስተረኽበ ባዕላ ክትምንቐስ'ያ። ኣብ ኩለን ናይ ጭቕና ሃገራት፡ እቲ ህዝቢ ነጻ ክሓስብን፡ ክዛረብን ስለዘይፍቀደሉ፡ ክልተ መልሓስ ኣብቍሉ ክነብር ኢኻ እትርእዮ።

ብዘይ ድልዱል በርጌሳዊ ማሕበርን፡ ብዘይ ርእሱ ዝኸኣለ፡ ካብ ኩለን ፖለቲካውያን ሰልፍታት ነጻ ዝኾነ፡ ናይ ዜና ማዕኸንን፡ ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብዝኾነ ካልእ ሃገር፡ ፍትሕን ደሞክራስን ክሰፍን ማለት ዘበት እዩ።

ስለዝኾነ እዚ ዕዮ እዚ፡ ማለት ምትካል ነጻ ዝኾነ ናይ ዜና ማዕኸን፡ ካብ'ብሕጂ ክጅመር ኣለዎ። ነዚ ከዕውት ዝኽእል ዝተፈላለየ ተመክሮ ድሮ ተደሊቡ ኣሎ። ናይ ኢንተርነት መርበባትን፡ ዝተፈላለያ ሬድዮታትን፡ ድሮ ዝንኣድ ኣበርክቶ ጌረንን ይገብራ'ውን ኣለዋ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብዚ ህሞት እዚ ህዝብና ብሱል፡ ብሕጊ ጋዜጠኝነት ዝቐየድ፡ ዘይሻራዊ፡ ሞያዊ፡ ብሓላፍነት ተሓታቲ፡ ጣልቓ ወጻእተኛታ ዘይብሉ፡ ናይ ዜና ማዕኸን የብሉን። ዓይነት ዘለወን ፖለቲካውያን ሰልፍታት ምስ ዓይነት ዘለወን በርገሳውያን ማሓበራት ኮይነን ዱልዱል ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ዜና ማዕኸን ኣብ ምትካል ዓቢ ኣበርክቶ ክገብራ ኣለወን። እተን ዘለዋ ናይ ዜና ማዕኸናት ከኣ - ብዓይነት'ኳ ብዙሕ ፍልልይ ኣለወን - ብሞራልን ጋዜጠኛዊ ቀይድን ተመሪሐን ክሰርሓ፡ ንህዝቢ እውን ተሓተትቲ ክኾና፡ ክንላወበን ኣለና።

ነዚ ከገልግለና ዝኽእል፡ ብቀዳምነት፡ ማሕበር ሞያውያን ጋዜጠኛታት ክምስረት ኣለዎ። እዚ ማሕበር'ዚ ንዕኡ ከስርሖ ዝኽእል ውሽጣዊ ቀይድን ሕግን ከማኡ'ውን ቅጥዐ-ምግባር ናይ ጋዜጠኝነት የውጽእ። መንግስቲ ይኹን፡ ተቓዋሚ ሓይሊ ኣብዚ ኢድ የብሉን። እዚ ማሕበር እዚ ነጻ ኾይኑ፡ ብህዝቢን ብጋዜጠኛታትን ይሕተት። ምስ ኣህጉራውያን ናይ ዜና ማዕኸናትን ማሕበር ጋዜጠኛታትን ርክብ ይገብርን የደልድን።

ኣብ ከምዚ ዝተሰረተ ነጻ ናይ ዜና ማዕኸን፡ ውሕስነት ፍትሐን ደሞክራስን ሕብረተሰብ እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ቃልሲ እዋን ከኣ፡ ካብ ብዙሕ ሕንፍሽፍሽ ከድሕነና ይኽእል እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። እንጥቐመሉ ቃላት እኳ ንገዛ ርእሱ ብመለክዒ ቕጥዐ-ምግባር ክምዘን ኣለዎ። መዓስ ኢኻ "ምጽናት" (genocide) እትጥቐም፡ መዓስ' ከ "ጃምላዊ ቕትለት" ኣጽፊፍና ክንፈልጦን ክንጥቐመሉን ኣሎና።

ንኣብነት፡ ናይ "ብርዒ ሽም" ነቲ ንፍትሕን ደሞክራስን ዝካየድ ቃልሲ ጎዳኢ እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። መጀመሪያ፡ ቃልሲ ሓቕነቱ ዘረጋግጽ። ከምቲ ወለድና ዝብልዎ፡ "ሓቘ ተዛረብ እሞ፡ ኣብ መገዲ ባቡር ደቕስ"፡ እቲ ሓቘ ዝዛረብ ፍሉጥ እቲ ኣብ መገዲ ባቡር ዝድቕስ ፍሉጥ። ኣብዚ ዝርአ ዘሎ ናይ "ብርዒ-ሽም" ሃለውለው ግን፡ እቲ "ሓቘ" ዝዛረብ ኣይርአ፤ ኣብ መገዲ ባቡር ዝድቕስ ከኣ የለን። እዚ ናይ ሃደምትን ተሓባእትን ቃልሲ እዩ። ሓቘ ዘለዎ ግንባሩ ቀሊዑ ናብቲ ናይ ቃልሲ-ባይታ ክወጽእ ኣለዎ። ካብ ውሽጢ ኤርትራ ሓበሬታ ዘመሓላልፉ ሰባት ኣለው። ናይዚኦም ስትረት ብሕጊ ዝተዐቀበ ይኸውን። ናይቲ ሓበሬታ ሓቕነቱ ምምርማር ግን ናይቲ ዘቕርብ ጋዜጠኛ ሓላፍነት ይኸውን። ኣብ ደሞክራስን ፍትሕን ዝሰፈነን ሃገራት "ብርዒ-ሽም" ዝውትር እዩ። ናይዚ መበገሲ ግን ተሓቢእኻ ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ሓዊ ንምስዋር ዘይኮነስ፡ ስነጥበባዊ እዩ።

ድልዱልን ምዕቡልን ናይ ዜና ማዕኸን ምምስራት፡ ከምኡውን ዑቱብ ማሕበር ጋዜጠኛታት ምህናጽ፥ ህዝብና፡ ካብ ጸባ ኢሉ ዓፍራ ምዕዳግ የድሕኖ። ከምቲ ገሊኣን ዌፕሳይታት ዝበልኦን ዝጸሓፍኦንሲ፡ ቀደም ኣስመራ ኣቲናስ እዚ ኣኼባ እዚ ኣብ ሲነማ-ካፒቶል ይካየድ ምሃለወ። ተሰፉና ኣብ ሓቂን፡ ፍትሕን

ደሞክራስን ድኣ እምበር፡ ኣብ ናይ ሓሶት ተስፋ ኣይኮነን። በዚ ዘሎ ናይ ተክኖሎጂ ክእለት ዝኾነ ዓይነት ዶክመንት ምሂዘ፡ እዚ ካብ'ዚ ቤት ጽሕፈት መጺኡ፡ ብኣቶ ወልደየሱስ ዓማር ተፈሪሙ ኢሉ፡ ንሓሶት ሓቂ ከምስል እኽእል እየ። ንግዚኡ ንገርሂ ከታልል ይኽእል እኸውን። ሓቂ ግን ብሓሶት ኣይትእሰርንያ።

ከምኡውን፡ ኣብዚ ተኣሲሮም ኣብ ከምዚ ሞይቶም፡ ክስቶ ቐቲልዎም እናተባህለ ዝውረ፡ ሓቅነቱ ክምርመር ኣለዎ። እዚምንታይ፡ ሓቕነት ዘይብሉ ነገራት ብፈታዊ ኮነ ጸላኢ ተዘርጊሑ፣ ዘጣዕስ ሕንፍሽፍሽ ከምጽእ ስለዝኽእል። ኩሉ ሓሶት እዩ ኣይንበል፤ ግን ኹሉ ኸኣ ከይመርመርና፡ ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስለዘጸልም፡ ስቅ ኢልና ኣይንውሓጦ። ለኪሙና ከይከይድ።

## 10. ልዑላውነት ኤርትራ ዘኽብር ሓድነት እዩ ክዕወት ዝኽእል

ልዑላውነት ኤርትራ ብቐሊሉ ኣይመጸን። ገድሊን ልዑላውነት ኤርትራ ንኹሉ ኤርትራዊ ዝምልከቶን ዝጥርንፎን ፍጻሜ እዩ። ስለዝኾነ፡ ክኽብር ኣለዎ። ኣይወቕስ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ግን ክኣቱ የብሉን።

"ዓይነታዊ ሓድነትና ውሕስ ናይ ሓርነትና" ክኾነልና ንደሊ እንተኾይንና፡ ኣብ ሓድነትና ይኹን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይና፡ ጓኖት ኢድ ከእትውሉ የብሎምን። ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኣይንራኸብ፣ ወይ ኣይንዘቲ ማለት ኣይኮነን። ግን ኩሉ እንገብሮ፡ ንልዑላውነት ኤርትራን ክብሪ ህዝባን ዝሕሉ ክኸውን ኣለዎ። ብወጻኢ ሓይልታት ተደፊእኻ ተደፋፊእኻ ዝግበር ሓድነት ኣየውፍር ኣየእቱ ምኻኑ ታሪኽ ባዕሉ መስኪሩልና ኣሎ።

ምትእትታው ወጻእተኛታት ኣብ ሓድነትና እንነጽግ እንተኾንና፣ ኣብ ሃገርና ዝመጽእ ለውጢ፡ ሙሉእ ብሙሉእ ብህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ኣለዎ። መከራ ህዝቢ ሶማል፡ መቑሰልቲ ህዝቢ ኢራቕ፡ ስቓያት ህዝቢ ኣፍጋኒስታን፡ ዓቢ ትምህርትን መጠንቀቕታን ይኹነና። ብደገ ዝትኮብ ለውጢ ዕድሚኡ ሓጺር እዩ።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ፡ በርገሳውያን ማሕበራት ኮና፡ ፖለቲካውያን ሰልፍታት፡ ርክብ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ከመሓይሽኦን ከደንፍዕኦን ኣለወን። ስለዚ ጽኑዕ ርክብ ምስ መራሕቲ ጎረባብቲ ሃገራት ምምዕባል ነውሪ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ እኳ'ድኣ ክንኣድ ዘለዎ ስራሕ እዩ። ይኹን'ምበር፡ እዘን ናይ ሓድነት ሰልፍታት ይኹና፡ ካልኦት ናይ ኤርትራ ናይ ፖለቲካ ኮነ በርጌሳውያን ማሓበራት፡ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ብናይ ሓባራዊ ናይ ዶብ ኮሚሽን (EEBC) ዝጸደቐ ውሳኔ ናይ ሚያዝያ 2002 ከኽብርን ከተግብርን ጠለብ ክገብራሉ ኣለወን። እዚ ንልኡላውነት ኤርትራ፡ ንሓድነት ሕዝብናን የደንፍዖ። ነቲ ንገብሮ ዘለና ናይ ፍትሕን ደሞክራስን

**ቃልስና ድማ የቀልጥፎን የዐውቶን ዝብል እምንቶ ኣሎኒ። ኢሰያስ ኣፍወርቂ መመኽነይታ ይስእን፣ ሓያል ጎረቤት ከኣ ብሕጊ ከምዝቕየድ ንፈልጥ። ኣብዚ ዋጋ-ዕዳጋ ክህሉ የብሉን።**

**ጽን ኢልኩም ስለዝሰማዕኹምኒ፡ ኣዚየ የመስግነኩም።**

**ኣብ ሓቕን ቕንዕናን ዝተመርኮሰ ሓድነትኩም፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ንድሕሪት ኣይትበሉ። እዚ ሓድነት እዚ ክፈሽል ኣይንፈቕድን ኢና። ስለዚ ማናልባት መሐከሊ ክኾናኹም ኣብ ገለ ቦታታት ዝሓባእኩመን መራኽብ ወይ ማሕበራት እንተኣለዋኹም፡ ሕድርኹም ቐልጢፍኩም ኣንድድወን። ንቕድሚት እምበር ንድሕሪት ኣይትበሉ። ኣነ ንዕለት 31 መስከረም 2009፡ ክልቲኣን ሰልፍታት ብዕሊ ሓደ ዝኾናሉ፡ ኣይጽበን እየ። ንዓይ ሎም መዓልቲ መዓልቲ ሓድነትን ዓወትን እያ። ነዚ እንተቶዕዊትኩም ምሳኹም ኣለኹ። ነዚ እንተፍሽልኩም ወይ'ንርእስኹም። ህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዝህቦን ዝኣምኖ መሪሕነትን ይደሊ ኣሎ። ሕድርኹም እምነቱ ክትረኽቡ ተቓዳደሙ። ግዜ የለን።**

**ብዘይ ሓድነት ኣይርከብን ዓወት፣**
**ብዘይ ሓድነት ከቶ ኣይርከብን ሓርነት፣**
**ብዘይ ሓድነት ፍጹም ኣይምሓውን ምልካዊነት**
**ብዘይ ሓድነት የለን ክብረት።**

**©ሃብቶም ዮሃንስ**

**ቀዳም 8 ነሓሰ 2009፡ ሓባራዊ ፈስቲቫል ፍራንክፈርት።**